## ናይ ስድራ ቤት ሐበሬታ ብዛዕባ ናይ ቋንቋ ክፍሊ አዉትሆረን

ዓለምለኻዊ ናይ ቋንቋ ክፍሊ አዉትሆረን

አብዚ ቀረባ ግዜ ምስ ደቕኹም ናብ ሆላንድ ክትቅመጡ ዝመጻኹም ዲኺም **?**

ደቕኹምከ ቋንቋ ናይ ነዘርላንድ **(**ዳች**)** ዘይክእሉ ወይ ዘይመልክዎ ዲዮም

ደቕኹም ቋንቋ ናይ ነዘርላንድ **(**ዳች**)** ቁልጡፍን ጹፉፍን ክዛረቡን ክጽሕፉን ከንብቡን ካብ መጠን ንላዕሊ አገዳሲ እዩ። ዓለምለኻዊ ናይ ቋንቋ ክፍሊ አዉትሆረን ንደቅኹም ንሞሕጋዝ ዓቢ ግደ አሎዎ። ዕድመ ደቕኹሞ ካብ **6** ክሳብ **12** እንተኾይኑ ናብዚ ፍሉይ ናይ ቋንቋ ክፍሊ ክካፈሉ ይኽእሉ እዮሞ። እዚ ናይ ቋንቋ ክፍሊ ንተማሀሮ ናይ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳር አዉትሆረን እዩ። እቲ ዝዋሀበሉ ቦታ ድማ አብ ቤት ትምህርቲ **De Springschans** እዩ ። አድራሻኡ ከአ **Eendracht 8 in Uithoorn.**

አብዚ ናይ ቋንቋ ክፍሊ አብ ከባቢ ዓመት ምስ ናይ ካልኦት ዜጋታት ቖልዑት ኮይኖም መሠረታዊ ናይ **(**ዳች**)** ቋንቋ ይማሀሩ። እዚ ትምህርቲ ጽዕቅ ዝኾነ መደባት ዘሎዎ ኾይኑ ናይ ቃላት ምብዛሕን ምንባብን ሞጽሐፍን ከምኡ ውን ቁጽሪን ስነ ፍልጠት **(**ጆግራፍ ታሪኽ **)** ዘጠቓለለ እዩ።

ደቅኻ **(**ኹም**)** አብ ሰሙን **5** መዓልቲ ናብዚ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ

ሰኑይ **8.30-12 13.00-15.00**

ሰሉስ **8.30-12 13.00-15.00**

ሮቡዕ**8.30-12**

ሐሙስ **8.30-12    13.00-15.00**

ዓርቢ **8.30-12    13.00-15.00**

ደቅኻ ንምሳሕ ናብ ገዛ ትወስዶም። እንተደአ ስራሕ ወይ ትምህርቲ አሎካ ደቅኻ አብ ቤት ትምህርቲ ክዉዕሉ ይከአል እዩ። ናይ መዉዓሊ ዋጋ ድማ **€ 2,50** ንመዓልቲ እዩ። ብዛዕባ እዚ ካልእ ፍሉይ ደብዳቤ ክትቕበል ኢኻ። ኩሎም ተምሀሮ ንናይ ንግሆ ዕረፍቲ ናቶም መግብን መስተን ሒዞም ይመጹ።(እንተደአ ዝውዕሉ ኮይኖም ድማ ምስሖም ሒዞም ይመጹ)።

እዚ ናይ ቋንቋ ክፍሊ ትምህርቲ ብነጻ ኢዩ። እንተኾነ ንእንገብሮ መደባት ካባኹም ብድሌትኩም **€47,50** ንዓመት ክፍሊት ንሐተኩም። እቲ መደባት ከአ ከም በዓላትን (ፈስታታት) ዙረት(ናብ ሙዘየም ዘአመሰ) ናይ ቤት ትምህርቲ ዙረት እዩ።

ድሕሪ እዚ ደቕኻ ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ክፍሊ ወዲኡ ናብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ አብ አውትሆረን ይሰጋገር። መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ብናትካ ምርጫ አብ ከባቢ እትነብረ እንተ ኾነ ዝሐሸ እዩ። አብ መወዳእታ ጊዜ ናይ ቋንቋ ክፍሊ ደቕኻ አብ ሰሙን ሐደ ጊዜ ናብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ እዚ ድማ ምእንቲ ምስ ሐድሽ ክፍልን መማህራን ክለማመዱ። ናይ ቋንቋ ክፍሊ ድማ ብወገኑ ነቲ ነዚ ደቕኻ ዝኸድዎ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ሐበሬታ ይህቦም ብተወሳኺ ከአ ንምእላዩ ዘድሊ ነጥብታት ይሕብሮም።

ደቅኹም ናይ አገልጉለት ቁጽሪ እንተዘይብሎም **(BSN)** አብዚ ቤት ትምህርቲ ክአትዉ ይኽእሉ ኢዮም።

ንሓበሬታ ን **mevrouw M. Leslie-Miller** ብተሌፎ ቑጽሪ **0297-523397** ወይ ኢ መየል **info.itk@wijzeraandeamstel.nl** ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኺም ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ዓለምለኻዊ ናይ ቋንቋ ክፍሊ  አብ ኢተርነትና **www.itk-uithoorn.nl**ትረኽብዎ።

እዚ ሓበሬታ ብቋንቋ ትግሪኛ ተተርጉሙ ይዉሀበ።ካልኦት ሓበሬታ ግን ብቋንቋ ነዘርላንድ **(ዳች)** እዩ።ትሕዝቶ ናይ እዚ ሓበሬታ ብፈተዉትኻ ወይ ብስድራ ቤት ወይ ናይ ስደተኛ ተሓባበርቲ ምትርጎም ናትካ ሓላፍት እዩ።